# ማርያም ደዓርት

## ግንቦት 21 2018 ዓ.ም. (5/29/2026)

## ማርያም መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ትሕግዘና



**ንባባት፡** ገላትያ 4፡1-9፥ ራእ 11፡19-12፡1-6፥ ግ.ሓ.1፡12-14፥ ሉቃ. 1፡-39-56

**ስብከት፡** ወለገጽኪ ይትመኃለሉ ኵሎሙ አሕዛብ ብዑላነ ምድር ኵሉ ክብራ ለወለተ ንጉሥ ሃሴቦን በዘአጽፋረ ወርቅ ኅቡርት ወዕጹፍት።

ዓመታዊ ዝኽረ በዓል ማርያም ደዓሪት እዩ ሎሚ አብዚ ቅዱስ ቦታ ክንእከብ ምኽንያት ገርናዮ ዘሎና። ህዝቢ አምላኽ ዝዓበየ መንፈሳዊ ነገር ክገብር እንተ ኾነ ብስም አምላኽ ተአኪቡ ጸሎት ክገብር እንከሎ እዩ። ዳዊት ነብይ አብ መዝሙሩ አብ ቤት አምላኽ ንኺይድ አሎና ምስ በሉኒ ክንደይ ተሓጎስኩ ይብል አብ ቅድሚ አምላኽ ሓደ ልብን መንፈስን ኮና ክንጽሊ እንከሎና አብ መንጎና አምላኽ ስለ ዝህሉ ካብኡ ዝዓቢ የብልናን።

ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ብሓደ ኮና እንጽልየሉ ጊዜ ትሰርዓልና ብዓላት፥ ንግደት፥ ሱባኤ፥ ሰናብቲ እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ምስ አምላኽ ክንውዕል ዝሕግዘና እዩ። ሎሚ ምስ ማርያም ክንውዕል አብዚ ተአኪብና አሎና። ብፍሉይ ክነስተንትኖ መሪጸዮ ዘሎኹ ማርያም መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ትሕግዘና ዝብል እዩ።

ወንጌላውያን ብፍላይ ሉቃስ ማርያም ምስ መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ርክብ ከምዝነበራ ይሕብረና። ቅዱስ ገብርኤል ካብ አምላኽ ተላኢኹ ናይ መድኃኒ አደ ክትከውን ክነግራ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ አባኺ ክወርድ እዩ ኃይሊ ልዑል እውን ከጽልለኪ እዩ ስለዚ እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ አምላኽ ክብሃል እዩ (ሉቃ 1፡35) ኢሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ አብ ሕይወታ ነጊርዋ።

ካብ መጀመርያ ጽንሰታ ማርያም ካብ አምላኽ ጸጋ ረኺባ እያ እዚ ብመንጽር እቲ እትወልዶ መድኃኒ ዓለም ክርስቶስ ክንርእዮ ከሎና እዩ። ንሳ አደ አምላኽ ክትከውን ስለ ዝኾነት ካብ ዝኾነ ኃጢአት ነጻ ክትከውን አለዋ በዚ ምኽንያት እዩ ገብርኤል ከበስራ ምስ ከደ ሰላም ንአኺ አ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምስኺ እዩ፥ ንስኺ ካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ ዝበላ። ከም ማንም ሰላምታ አይኮነን ኢልዋ ፍሉይ ሰላምታ ምስ አምላኽ ዘልአ ርክብ ዝገልጽ። እግዚአብሔር ምስኡ ዘሎ ሰብ ቅዱስ እዩ። አብ እግዚአብሔር ዘለዎ ጸጋን በረኸትን ምሉእ እዩ። ማርያም ነዚ እያ ተዓዲላ። ምልእተ ጸጋ ክንብላ እንከሎና ባዕላ ዘምጽአቶ ዘይኮነ ካብ አምላኽ ዝረኸበቶ እዩ። ማርያምከስ ሕይወታ ብምልኡ ምስ አምላኽ ተወሃሂዱ። ነዚ ኹሉ ክትረክብ ዘብቅዓ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ሳልሳይ አካል ቅድስት ስላሴ ኩሉ ምንጪ ቅድስና ይህበና። ንአምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት ክንመርሕ ሓይልን ጸጋን ይዕድለና። ከም ሰባት ክንደክም እንከሎና ዘበራብር ሓይሊ ይዕድለና። ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ ንሓዋርያቱ ዘጸናንዕ ንኹሉ ዝሕግዘኩም መንፈስ ቅዱስ ክሰደልኩም እየ እናበለ ተስፋ ሂብዎም። ናይ መንፈስ ቅዱስ ተራ አብ ሕይወትና ተስፋ ምሃብ

ድንግል ወበ ቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል እናበልና ንጽሊ። ማርያም ዘምጽአቶ ሰላም ንአይን ንአኹምን እዩ እሞኸ ሰላም አብ ሕይወትና አሎዶ? ምስ አምላኽ መጀመርያ ሰላም አሎናዶ ሕልናና እስከ ንሕተት። ምስ ሰብከ ሰላም አሎናዶ። ሰላም ከመይ ገረ ከምጽአ እኽእል? ብዙሕ ጊዜ ሰባት ሰላም ክንብል ከሎና ከምቲ ንሕና እንደልዮ ክኾነልና እንከሎ ጥራሕ እዩ እዚ ግን ናይ ክርስቶስ ሰላም አይኮነን። ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ሰላም ዝርከብ። ማርያም ሎሚ እውን ሰላመይ ክህበኩም አባይ ተመለሱ ትብለና አላ። ንሰላም ብባህጊ ንድለያ። ንትዕቢት ንቂምታ ሓዲግና ምስ ኩሉ ሰላም ንግበር።

- **ቃል አምላኽ አብ ልብና እነሕድር።** ማርያም ይብለና ቅዱስ ሉቃስ ንኹሉ አብ ልባ ትሕዞ ነራ። ማርያም አስተንቲና እትኽእል አደ እያ። ንኹሉ አብ ከባቢአ ዝግበር ርእያ ንአምላኽ ፍቓድካ ይኹን እናበለት እትጉዓዝ ሰብ እያ ነራ። አምላኽ ብቃሉ ብቤተ ክርስትያኑ ብኸማና ዝበሉ ሰባት ይዛረበና እሞ ሰማዕቲ ክንከውን። ንቃል አምላኽ ክንጸምኦ ይግባእ። ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ እሞ ክነስተንትኖ እዚ ንመንፈስና ዕግበት ሂቡ አብ አምላኽ የቕርበና። ቃልካ ንአይ ሕይወት ዝህብ እዩ እናበልና ንቃል አምላኽ ንድለዮ።

ብዓልና አምላኽ ክባርኾ ነፍስወከፍና ክንቅደስ ንማርያም ዑቕባና ገርና ተለመለልና ንበሎ። አብ ቃና ዘገሊላ ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት ንሰባት ሓዲስ ነገር ክርእዩ ዝገበረት ማርያም ሎሚ ንአና አብ ሕይወትና አብ ዓድና አብ ስድራና አብ ኩሉ ዓለምና ሓዲስ ነገር ክንርኢ ኩሉ ክቕየረልና እንተ ኾይኑ ወዳ ዝብሎ ክንገብር እያ እትሓተና። ንወዳ እንተ ሰማዕና ተአምራት ክንርኢ ኢና። ሰሚዕካ ምኽአል የድሊ። ሰብ ሎሚ ጸሚሙ ንድምጺ አምላኽ ዝሰምዕ ውሒዱ ናይ ካልእ ድምጺ ክሰምዕ ዝደሊ ኾይኑ። እሞ ሎሚ እስከ እሰምዕ ዘሎኹ ንበል። ምስማዕ አጸጊሙና ተፈላሊና ከም ደቂ ዛግራ ተበታቲና ንነብር አሎና። እሞ ክንእከብ መአድና ኩሉ ክሕወሶ ውራይና ኩሉ ዝሕጎሰሉ ክኸውን ሰማዕቲ ንኹን። ድምጺ ብስም ተሰምዐ አብኡ አይነድህብ። ናይ አምላኽ ዝመስል ድምጺ ሰይጣን የታልለና ክይህሉ ክንሰምዖ ዘይግብአና ሰሚዕና አብ መገዲ ጸጋም ከይንህሉ ሎሚ ንኢየሱስ ንስምዓዮ።

እኖና ወላዲተ አምላኽ ዑቕባና ረዳኢትና ሎሚ እውን ንኹሉ ቀይራ አብ ሰላም አብ ፍቕሪ ተጸሚድና መንፈስ ቅዱስ አባና ክሓድር አብ መአዲ ፍቕሪ ትአክበና። ንዝሓመሙ ምሕረት ንዝተሸገሩ ራህዋ ተውርደልና። አብ ኩሉ ሰላም ነጊሱ ፍቕርን በረኸትን የውርደልና።

ብሩኽ ዓውደ ዓመት ይኹልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ